# ናበይ ኢና ንኸይድ ዘለና

ታሪኽና ምልስ ኢልና ንድሕሪት ምስ እንጥምት ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእትን ንዕኡ ንምግጣም ዝተገብረ በብመድረኹ ዝተኻየዱ ተጋድሎ ኢዩ ዝነግረና።እቲ ሰውራ ኤርትራ እውን ሓደ ካብ'ቲ ብጥርኑፍ ኢንቢ ፥ ይኣክል ንመግዛእቲ ኢሉ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ኤርትራ ንሜዳ ወጺኡ ድሕሪ መሪር ቓልሲ ነታ ዝበሃጋ ሃገር ክውንቲ ክገብራ ዝኸኣለ።

ገድሊ ኤርትራ ከም'ዚ ሎሚ ህዝቢ እናተረግጸ ብደቑ ትም እናተበደለ ፡ መንእሰይ ንስደት ዝጽርገፈሉ ከይኮነ ነቲ ዝፈከረ መግዛእታዊ መስፍናዊ ኢትዮጵያ ሕሪ-ሕራይ ኣቢሉ ልዕላውነት ሃገር ክፈጥር ክኢሉ።

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጥሚታት ዝለዓል ነጥብታት ወይ ዘረባታት ብፍላይ በቶም ነቲ ስርዓት ዝደናገጹ ዜጋታት ንሕና ደለይቲ ለውጢ ከም ውልቓዊ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ኢሰያስን ህዝባዊ ግንባርን ዘለና ብእኡ መሰረት ካብ ጽልኢ ዝብገስ እንበር ዕላማ ዘለና ኮይሱ ኣይስምዖምን፡ነዚ ንምብራህ እንበኣር ንሕና ኣንጻር ዝኾነ ሰብ ይኹን ውድብ ኣይኮናን እንታይ ደኣ ንፍትሒ ምንጋስ ጥራሕ ምባል ኣብ ቦታኡ እዩ።ክዝከር ዘለዎ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ኣብ ሕደ ግዜ ድሕሪ ነጻነት፡ ድሕሪ ባድመ ውግእ፡ ምስ ምእሳር ጉጅለ -15 ዝተላዕለ ኣይኮነን።እዚ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ዘበገሶ " ኤርትር ነጻ ምግባር ካብ መግዛእቲ ፡ኣብ'ታ ነጻ ዝኾነት ሃገር ድማ ዜጋታታ ሓራ ክኾኑ " ኢዩ ዝነበረን ዘሎን።

እሞ እታ ናይ ጵባሕ ኤርትራ ህግደፍ ዘይብላ እንታይ ትመስል ኢልና እንተሓሊምና ቕዋማዊ ምሕደራ ፡ ዲሞክራስን ፍትሕን ዝነግሰላ፡ ህዝባዊ ምርጫ ዝካየደሉ ብድሌቱ ህዝቢ ነቲ ኣብዝሓ -ሰልፍታት ኣምር ተጠቒሙ / ተኸቲሉ ሰልፍታት ተወዳዲረን ሃገር ዘመሓድራ፡ ዝተሳዕረት ሰልፊ ስዕረታ ተቐቢላ ኣብ ውሽጣ ጉድለታታ ገምጊማ መሪሕነታን ፖለቲካዊ መልእኽታን ኣመሓይሻ ክትቐርብ ዝሕግዝ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ገለ ምጥቓስ ይከኣል ። ኤርትራ ከም'ቲ ታሪኽ ዝምህረና ጥልያን ንመግዛእቱ ኢሉ ዝመስረታ ካብ ኮነ፡ንሕና ድማ ነታ ኤርትራ ክውንቲ ዝገበርናያ ፡ ኤርትራ ሓንቲ እያ፡እዚ ማለት ዝተፈላየ ግዝኣታት ተሰማሚዐን ሓንቲ ኤርትራ ንፍጠር ኢለን ኣብ ታሪኽ ሰሚዕና ስለዘይንፈልጥ ፈደራላዊ ምሕደራ እዩ ንኤርትራ ዝብል ባይታ ዘለዎ ኣይመስለንን።

ኣብ'ዚ ከም ኣብነት ኣብ'ዚ ሰሜን ኣመሪካ እንተ ርኢና ዝተፈላለያ ግዝኣታት ዝነበራ ኣብ ሓንቲ ሃገር ካናዳ ብመጀመርታ ኣርባዕተ ብፈደራላዊ ስምምዓት ክኣትዋ ኸለዋ እተን ዝተረፋ

በብግዜኡ ዝተጸንበረ፣ ብኸምኡ ተመሳሳሊ መንገዲ እውን እዛ ሎሚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኢለን ዝመስረታ ካብ 13 ክሳብ ሕጂ 50 ስተይትስ ( ግዝእታት) በጺሐን እየን።ኣብ'ዚ ክጥቐስ ዘለዎ ኣብዘን ክልተ ሃገራት ካናዳን ኣመሪካን እቲ ቅዋም ንጹር ቅዋማዊ ስልጣናት ናይተን ኣውራጃታት ከምዘሎ ኢና እንዕዘብ፡ከም ኣብነት ክጥቐስ ዝከኣል ቐጥታ ግብሪ (ኣውራጃ)፣ትምህርቲ፣ ሆስፒታል፣ ጽርግያታት፣ ቤት ማእሰርቲ፣ ፍርዲ፣ህዝባዊ ኣገልግሎት ወዘተ ሓልፍነት ኣውራጃ እዮም። ኢቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ድማ ከም ግብሪ፣ ባንክ፣ ንግድ፣ ምክልኻል ሓይሊ፣ ወጻኢ ጉዳይ፣ ባጤራ ዝኣመሰሉ ስልጣናት ይህልዎ። ሓንቲ ኤርትራ ክንብል ከለና ኣሃዳዊ ስርዓት ( Unitary System ) ሃልዩዋ እቲ ብዙሑነታ ከም ናይ ሃይማኖት፥ ባህሊ፣ ቛንቛ ፣ ብሄር ወዘተ ከም ጸጋ ደኣንበር ዕናቅፋት ከምዘይኮነ ብምግንዛብ ኣብ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝተመርኮሰ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ጆግራፊካዊ ኣቐማምጣኡ ኣብ እተን ንቡራት 8 ኣውራጃታት ምምሕዳራት ተወጋጊኑ ካብ ዓዲ - ኣውራጃ ሃገር ዝብል ጸፍሕታት በቲ ዘይምእኩል ምሕደራ ኩሉ ቅዋማዊ ስልጣን ኣብ'ቲ ማእከላይ መንግስቲ ዝተወሰነ ኮይኑ ምስ ዕብየትን ምምዕባል ናይተን ኣውራጃታት ኣብ ንሰን ብዝያዳ ከድምዓሉ ዝኽእላ ከም ምግፋፍ ዓሳ፥ ሕርሻ ወዘተ ስልጣን ክውስዳ ይኽእላ። ኣብ'ዚ እቲ ፈደራልዝም ኣብ ምምቕቓል ቅዋማዊ ስልጣናት ሕምቕ'ዩ ማለት ኣይኮነን፡የግዳስ ኣብ ኤርትራ ታሪኽ ስለዘይብሉ እቲ ተደላይነቱ ካብቶም ዘልዕልዎ ነዚ ኣርእስቲ ካብ ፍርሒ፥ ዕብለላ ናይ ሓደ ሸነኽ ብፍላይ ነቲ ትግርኛ ተዛራባይ እንተድኣ ኮይኑ እቲ ፍታሕ ካልእ መንገዲ ክህልዎ ይኽእል።

እዚ ብፍላይ ኣብ ጎረቤትና ሃገር ዝረኣናዮን እንሪኦ ዘለና ተመክሮ ናይ ኤትኒካዊ ( ብሄራዊ) ፈደራሊዝም ምሕደራ ከም ዘይሰርሕ ብተግባር ንሪኦ ስለዘለና ሎሚ ዘካትዕ ኣይኮነን ዝብል እዩ።እዚ ኣብ ውሽጢ ደንበ ተቓውሞ ነዚ ናይ ጎረቤት ተለቒሑም ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ጽዑቕ ክትዓት ኣብ ውሽጢ ደንበ ተቛውሞ ከም ዝተኻየደ ብፍላይ ኣብ ፓልቶክ ሶሽያል መድያ መብዛሕትና እንዝክሮ እዩ።

እዚ ኣርእስቲ ናይ ኤትኒክ ፈደራልዝም ነቲ መሰረታዊ ናይ ሓደ ዜጋ መሰል ዝሕመረቱ ዝሰሓተ ስለዝኾነ ነቲ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ፍትሕን ዲሞክራስን እንምርኮሰሉ ዝጻረር ወይ ዘየኽብር፡ ኮይኑ ነቲ ክልል ( ምምሕዳር )ኣብ ክንዲ ብጆግራፊካዊ ሸነኹ ዝረኤ ነቲ ሓደ ህዝቢ ወይ ብሄር ከም ሓደ ኣተኣሓሳስባን ድሌትን ዘለዎ ተራእዩ መሰል ሓደ ውልቕ- ሰብ ከም ቐዳምነት ዘይሰርዕ እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ኤርትራ ፖለቲካ ምልስ ኢልና ነቶም የሕዋትና ንሕቶ ርእሰ ውሳኔ ክሳብ ምግንጻል ዝብሉ ነቲ ምምሕዳር ብብሄር ጠሚትና ካርታ ኤርትራ ጥውይውይ ክነብሎ ጽቡቕ ኣይመስለንን፡እታ ኤርትራ እውን እትቑረጽን እትሽርፈፍን ኣይኮነትን ንምንታይ እንተ ኢልና ኤርትራ ንኹላትና ትኣኽለና እያ።ኣብ ኤርትራ ሓደ ዜጋ መሰል ዝህልዎ ካብ መን ስድራ- ቤት ይውለድ ብዘየገድስ፡እንታይ ቛንቛ ይዛረብ፡ እምነት ዝመረጾ ምርጫ ኩላትን ሓደ ኢና ኢልና ክንኣምን ይግብኣና ብመጀመሪያ፡ስዒቡ ኩሉ ዜጋ ብዘይኣፈላላይ ዝኣክል ትምህርትን ሕክምናን እንተረኺቡ ብቑዕ ዜጋ ምኺኑ ስለዘይተርፍ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ተሳቲፉ ኣብ ምምራሕ ዝበጽሕ መን ብዘየገድስ ድሉዋት ክንከውን የድሊ።እዚ ማለት ኣብ ሓንቲ ብቕዋም እትመሓደር ሃገር ዲሞክራስያዊ መሰላት ከም መትከል እንድሕሪ ተቐቢልናዮ፡ነቲ መሰላትና ዝግህስ መንግስቲ ኣየውርድ እንተ ረኺብና ድማ ፍትሓውነት እንረኽበሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ክንማጎት ንኽእል።

ንምጥቕላል መንገድና እዚ ካብ ኮነ ክፉት ክትዓት ከድልየና ብምክብባር ግን ነዞም ጉዳያት ሕጂን ምስ ምምስራት መሰጋገሪ መድረኻት ክንፍትሾም ዘለና እዩ እሞ ጥራሕ ይኣክል ይኣክል ምባል ተሪፉ ኣብ ሓደ ዝተጠርነፈ ሓሳባት እንተበጸሕና ኣገዳስነት ኣለዎ ንምባል እዩ።እቶም ፍሉጣት ፈንጣሕትን ዘረግትን ነቲ መባእታዊ ሃ ሁ ፖለቲካ ስሒቶም ኣብ ንምፍራስን ንምንሻውን ሰልፍታትን ዝውዕሉ ብዙሕ ኣቕልቦ ከይሃብናሎም ናብ ሓሳባት እንበር ናብ ሰባት ኣይንርኤ እናበልኩ ጉዳይና ብባዕልና።

**ተስፋይ ካሕሳይ**